ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Executive Committee
ensf.ex@gmail.com

Date: 05/11/2021

# ቃል መሪር ሓዘን ብዕርፍቲ
# ዓቢ ተጋዳላይ ዓብዱልሓፊዝ ሳዕደዲን

ገዲም ሃገራዊ ተጋዳላይ ኣቶ ዓቡልሓፊዝ ሳዕደዲን ብሓሙስ ዕለት 04.11.2021 ኣብ ከተማ መልቦርን (ኣውስትራልያ) ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ብምፍላዩ ብስም ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ከም ዝተሰማዓና ንገልጽ።

ኣቶ ዓብዱልሓፊዝ ኣብ መፋርቕ ስሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰለፈ። ኣቦና ዓብዱልሓፊዝ ሓደ ካብ'ቶም ልሉያት ታሪኻውያን ተቓለስቲ ኤርትራ ከም ዝኾነን፣ ኤርትራ ሃገርና፣ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ንምውጻእ ኣብ ዝተኻየደ መሪርን ነዊሕን ገድሊ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መዳይ ሕክምና፣ ብትብዓትን ብጅግንነትን ዝተቓለሰን ዘቃለሰን ሓርበኛ ኢዩ።



ሓርበኛ ኣቦና ዓብዱልሓፊዝ ኣብ ዝዓበየላ ከተማ ከረን ንጡፍ መንእሰይ ከም ዝነበረ ዝተፈልጠ ኮይኑ፣ምስ ብጻዩ ሮሞዳን ገብረን ካልኦት ብጾቱን ኣብ መዳይ ትያትር ኣገዳሲ ማሕበራዊ ትሕዝቶ ዝሓዘለ ተዋስኦታት የቕርቡ ነበሩ።

ሓርበኛ ዓብዱልሓፊዝ ሳዕደዲን ኣብ ተሓኤ ድሕሪ ምስላፉ፣ ወትሃደራዊ ታዕሊም ንምቕሳም ናብ ሶርያ ተላእኸ። ዝተመደበ ኮርስ ምስ ወደአ ናብ ሜዳ ተመሊሱ ኣብ መዳይ ሕክምና ተመዲቡ ዓቢ ኣገልግሎት ኣቕረበ። ሓርበኛ ዓብዱልሓፊዝ ድሕሪ ጉባኤ ኣዶባሓ፣ ኣብ ከሰላ ዝርከብ ኪሊኒካት ተሓኤ ንኸገልግል መደብ ተዋህቦ። ንተጋደልቲ ይኹን ንስድራ ቤታት ተጋደልቲ ዓቢ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ዝነኣድ ምንባይን ኣቕረበ። ሓርበኛ ዓብዱልሓፊዝ ከም ለዋህን ደላይ ጽቡቕን፣ ንኹሉ ኤርትራዊ ብዘይ ኣፈላላይ ዝሕግዝን ምንባሩ፣ ውድባዊ ጸግዖም ብዘይገድስ፣ ብዙሓት ኤርትራውያን ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ብኹሎም ፍቱው ነበረ።

ብሞት ኣቦና ገዲም ተጋዳላይ ዓብዱልሓፊዝ ሳዕደዲን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ብስም መላእ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ንኩሎም ቤተ ሰብን ናይ ቃልሲ ብጾቱን፡ ጽንዓትን ኣኻእሉን ክህበናን፣ ንሓርበኛ ኣቦና ድማ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ክቕበሎን ናይ ወትሩ ጸሎትና'ዩ።

ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ንስዉኣትና !!

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ